## *ንህግድፋውያን ፈሊጡ*

## *ሃገሩ ካብ ሃው ዝበለ ገደል ዘድሕን ዋዕላ*

ህግደፍ ሕጂ ብጎረርኡ ተታሒዙ ዓቅሉ ዘጽበበት ዋዕላ መጺኣቶ ኣላ። ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ካብቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ዋዕላታት ዝፈልዮ እዛ ሃገር ኣብ ዓብይ ናይ ምብትታን ሓደጋ ኣብ ዘላትሉ እዋን ዝካየድ ምኳኑን ኣብ ውክልና ክፍላተ ማሕበረሰብ ከኣ ብዓይነቱ ዝተፈለየ ካብ መንእሰይ ክሳብ ዓበይቲ ወለዲ ዝሓቆፈ ኩለን ብሄራት ሃገርና ብፍትሓዊ መገዲ ዝተወከለኦ ኩለን ሃይማኖታት እዚ ዋዕላ ውራይና እዩ ኢለን ዝተካፈለኦ ምኳኑ እዩ።

እዚ ከኣ ማፍያ ህግደፍ በተን ተሓቢአን ጻግዒ ዘይብለን መሲለን ዝህውትታ ዝነበራ ብካድራታት ኢሳይያስ ብቀጥታ ዝምራሓ ገለ መርበብ ሓበሬታታት ከይተረፈ ጉልባበን ቀሊዐን ኡይ ክብላ ኣብ ርእሲ ምግባሩ ኩለን ኤምባሲታቱን ኩሎም ደገፍቲ ጠላም ኢሳይያስ ዝበሃሉ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኣዋሃሊዱ ንፍሽለት ሃገራዊ ዋዕላ ክነጥፉ ሙሉእ ዘይጉዱል በጀት ኣዕጢቁ ኣዋፈሩ ይርከብ።

እዚ ዘይስሙር ወፍሪ ግብረ ጸይቂ ተግባር ኣብቲ ዋዕላ ካብ ዘለው ተሳተፍቲ ከይተረፈ ጨዊካ መሳርሒ ናትካ ንምግባር ዝዓለመ ምዃኑ ርጡብ ሓበሬታ ካብ ፈለጥቲ ውሽጢ ተረኺቡ እዩ።

ካብቲ ሓሶታት ውሽጢ “ንሉኣላዊት ሃገር ኤርትራ ዘይፈልጥ ዋዕላ” ዝብል ኢደ እግሪ ዘይብሉ ምብርባር ሓዊሱ እዚ ዋዕላ ናይ ኪዳን እዩ፡ እዚ ዋዕላ ናይ ሃይማኖት እዩ፡ እዚ ዋዕላ ናይ ክግንጸሉ ዝደልዩ ብሄራት ዋዕላ እዩ፡ እዚ ዋዕላ ኣንጻር ከበሳ እዩ፡ ወዘተ ዝብል ፡ደርጊ ኣብ ኣፍ ዕርበቱ ዝዛረቦ ዝነበረ ናይ ተስፋ ምቁራጽ ኣንፈት ምብርባራት ዝተኸተለ ዝነደየ ፕሮፖጋንዳዊ ሃልኪ ይርከቦ።

እዚ ከኣ ነቲ ዋዕላ ዝበለጸ ድምቀትን ኒሕን ክዓስሎ ጌርዎ ኣሎ። ውጡን ህግደፍ ንምብርዓን ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ምስ ተፈለጠ ኩሉ ተሳታፊ ዋዕላ ኩለን ምንቅስቃሳቱን ዘትኡን ካብ ሓሳድ ፈተነ ማፍያ ህግደፍ ኢሳይያስ ዝጸረያ ምኳኑን ዘይምኳኑን ከም መወከሲ ክወስድ ጠቒምዎ ኣሎ።

ብሕልፊ እኳ እተን ብማፍያ ኢሳይያስ ቀጥታዊ ምወላ ዝግበረለን ጻግዒ ዘይብለን ዝብል ናይ ላግጺ ሽም ዝተሸከማ መርበብ ሓበሬታታት ነቲ ዝነደየ ናይ ህግደፍ ፕሮፖጋንዳ ኣብቲ ዝኸሰረ መርበብ ሓበሬታኣን ምዝርጋሕ ምስ ጀመራ ኣንፈት ሃልኪ ህግደፍ ተኮሊዑ ስለዝወጸ ንተሳተፍቲ ዋዕላ ግሩሃት ከይኾኑን ካብ ሓሳድ ውዲት ህግደፍ ክጥንቀቁን ዋዕላ ምዕዋት ማለት ንህግደፍ ፍርቂመገዲ ከይድካ ምስዓር ምኳኑ ግልጺ መረዳእታ ስለዝሃቦም ዋዕላ ኣብ ምዕዋት ዓብይ ግደ ብግልባጡ ክሰርሕ ኣኽኢሉ ኣሎ።

ኣብዚ ዋዕላ እዚ ዝተሳተፉ ዓበይቲ ደቀባት ኤርትራ ከኣ ነቲ ዋዕላ ብብስለት ክካየድን ሓምዘቅቲ ልኡካት ህግደፍ ብንቕሓት ናተኸታተልካ ንምቅላዕን ዓብይ ግደ ይጻወቱ ኣለው።

ሎሚ ጥንታዊ ኤርትራውነት ኣብ ቦትኡ ዝምለሰሉ ብሕጊ ኣልቦ ትምራሕ ኤርትራ ዘይኮነትስ ብሕጊ ዳባን ብቕዋምን ትመሓደር ሓዳስ ኤርትራ ንምፍጣር ኣብ ኣጋ ወጋሕታ ከም ዘለና ተስፋ ዝህብ ዋግዋጎ ይረኣየና ኣሎ። እዚ ከኣ እቲ መዋቲ ከይመውት እቲ ወናኒ ዓወት ህዝብና ከኣ ዓወቱ ከይኩለፍ ናይ ሞት ሕየት ግጥም ክግበር ናይ ግድን እዩ።

ዓወት ህዝብታት ኤርትራ ንምርግጋጽ ከኣ ኩሉ ኣመጻጽኣ ህግደፍን ወይጦታቱን ናተኸተልካ ምፍሻል ናይ ኩሉ ደላይ ለውጢ ኤርትራዊ ዜጋ ሓላፍነት እዩ።

ናይ ካልኦት ደለይቲ ጽቡቅና ምትሕግጋዝ ከኣ ስለዘይጽላእ ንድግፎን ሓንትን ብልጽግትን ኤርትራ ምፍጣር ማለት ንረብሓ ኅረባብትና ከማን ኣድላይ ምኳኑ ንሳቶም ‘ውን ኣይስሕትዋን እሞ ክደጋፍፍ ምጥላብ ኑቡርን ዝነበረን ኣብ ጊዜ ብረታዊ ተጋድሎ ንናጽነት’ውን ከይተሓለልና ዝሰራሕናሉን እዩ’ሞ ምድግጋፍና ሓይሉ ክቕጽል ንጽዓት ድጋፍ ግን ካባ ድጋፍ ስለዘይሓልፍ ንሕና ናይቲ ዓወትን ውድቀትን ወሰንቲ ዝኮና ዜጋታት ባዕልና ኣብ ርእስና ተኣማሚና ንቅድሚት ንመርሽ ።

*ኩሉ ዓቅምና ንምዕዋት ሃገራዊ ዋዕላ ነቅናዓዮ!!*

*ሕመረት ልምዓትና ኣብ ዳራ ዓወትና !!*